Development Services International

ንሓርነት.ካም نحارنت.كوم

ዜና Harnet News اخبار

# <u>ብዛዕባ ናይ ምጥርናፍ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳትን ሓይልታት ወጻኢ ኪዳን ዝተገብረ ፍልማዊ ኣኼባ</u> ዝተዋህበ ፍሉይ ሓበሬታን፣ መኤረምታን (2ይ መግለጺ

ኣምስተርዳም
ጁን 18, 2006

ሓድሽ ተስፋ ኔት ወርክ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ ብምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ዘጋጥሞ ዘሎ ህልቂትን፡ ብርሰትን፡ ንምድሓንን፦ ኣብ ዑና ጃንዳ ህግደፍ ደሞክራስያዊትን፡ ብልጽግትን ኣብ ፍትሕን ማዕርነትን ዝተነድቀትን፡ ብቕዋማዊ ግዝኣተ ሕጊ እትመሓደር ኤርትራ ክውንቲ ንምግባር ካብ ዘለዎ ሰናይ ህዝባዊ ድልየት ተበጊሱ ንኹሎም ሓይልታት ተቓዉሞን፡ ሰቪካውያን ማሕበራትን፡ ግዱሳት ውልቀ ሰባትን፡ ወራዙት ዓበይቲ ዓድን ሽማግለታትን፡ ምሁራት ሊቃውንትን ፈላጣትን፡ ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም፡ ንኣሬሜናዊ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ናይ ጉሓፍ ጋብላ ንምድርባይ <u>ዘቀላጥፍ</u>፡ ብመንገዲ <u>ኩሉ ሓቀፍ</u> <u>ህዝባዊ ዋዕላ</u> ናይ ቃልሲ ሕብረት (ግራንድ ኮኣሊሽን) ንምምስራትን፡ ንምሕያልን ንምክያድን ብዝወሰዶ ተበግሶ መሰረት፡ ንኹሎም <u>ዝተጠርነፉን ዘይተጠርነፉን</u> ሓይልታትን፡ ሰቪካውያን ማሕበራትን፡ ውልቀ ሰባትን፡ ክፉት ዕድመ ከም ዘካየደ፡ ሰነዳት ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ።

<u>ዓላማ ሓድሽ ተስፋ ነትዎርክ</u> ኩላትና ኤርትራውያን ብሃይማኖት ኮነ ብዓሌት፡ ብኣውራጃ ኮነ ብብሄር ከይተፈላለና ብማዕርነትን ብምክብባርን <u>ሓቀኛን ተግባራውን ቃልስታት</u> ብምክያድ ሕዝብና ካብቲ ሕጂ ዘጋጥሞ ዘሎ ዘስካሕክሕ ሞትን መከራን፣ ልመናን፡ ውርደትን፣ ስደትን ተቖላሊፍካ ምውዳቕን ፣ ዘይምትእምማንን ተሪፉ ካብ ናይ ውልቃዊ ጠቕምን ረብሓን ተላቒቕም ናይ ሓባር ሽግርና ብሓባር ንምፍታሕ፣ ነቲ ውጹዕ

DSI: P.O. Box 16665, 1001 RD Amsterdam, The Netherlands, Tel. / Fax (+31) 20 – 69 59 190
Fortis Bank (Nederland) N.V. nr. 94.95.17.143 / Chamber of Commerce Amsterdam, Registration nr. 248.942

ሕዝብና ኣብ ዝገደደ ናይ ሞራል ውድቀት ከይበጽሖ እንከሎ ካብ ፋሺስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ብዝቐልጠፈ መገድታት ንምድሓን እቶም ዝተወደቡ ዝበለጸን ዘዕግብን ስራሓትን ተግባራትን ከርእዩ፣ ንዘይተወደቡ ድማ ተወዲቦምን ተጠርኒፎምን ንደንበ ተቓውሞ ንምሕያልን ኣድማዒ ስራሓት ንክሰርሑን ኣብ መንጎኦም ዘሎ ዘየድሊ ግርጭታትን ዘይምርድዳእን፣ ዘይምትእምማንን ገዲፎም ምእንቲ ሕዝብና ጠቕምን ረብሓን ክብሉ ተራኺቦምን፣ ተቐራሪቦምን፣ ተሓባቢሮምን ተኣማሚኖምን ተግባራዊ ስራሓት ብምስራሕ ትርጉም ዘለዎን ዝርኤን ጭቡጥ ቃልስታትን ንክካይዱ ብዘለና ዓቕምን ክእለትን <u>ንምሕጋዝን ንምትሕብባርን</u> እዩ፡፡ እዚ ሓደ ናይ ቃልስና ዓላማን ተግባርን እዩ፡፡

ዝበታተኑን ዝፈናጨሉን ሰባትን ውድባታትን ንረብሓን ሓልዮትን ሕዝብና ከም ዘይኮነ ርግጽ እዩ፡፡ ፋሕ ብትን ምባል ጥቕሙን ረብሓኡን ን ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ስለ ዝኾነ ፖለቲካ ኤርትራ ካብ ናይ ህበይን፣ ትርኪ ምርክን ናይ ተቖላሊፍካ ምውዳቕን ምጽላምን ፖለቲካ ወጽዩ ናብ ናይ ሕዝብና ጠቕምን ረብሓን ዘተኮረን ዘቐድምን ክኸውን ኣለዎ ንብል፡፡ ሓደ ሓደ ተቓውምቲ ሓይልታት ኢና ዝብሉ ኣይሰርሑ ወይ ኣየስርሑ እንዳኾኑ ሕዝብና ይሽገር ኣሎ ዝብሉ ኣለዉ፡፡ ነዚ ፍታሕ እንተዘይተረኺብሉ ሕዝብና ኣብ ዝገደደ ሽግራት ክወድቕ ከም ዝኽእል ውን ነተሓሳስብ፡፡

ሓደ ካብቲ ዋና ዓላማና ናይ ሕዝብና ጸላኢ ፋሺስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ምኺኑ ስለ ንኣምን ኣብ መንጎ ሓደ ሓደ ሓይልታትን፡ ምንቅስቓሳትን፣ ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ዘሎ ፍልልይን ቅርሕንትን እንተኽኢሎም ባዕሎም ክፈትሕዎ፣ እንተዘይክኢሎም ድማ ንሕና ከም <u>መቓልስቶምን ነጻ መንጎኛ</u> ኮና ብቕንዕና ፍልልዮም ንከጽብበ እሞ ብሓባርን ሓደ ኮይኖም ኣድማዕን ዝርኤ ቃልስን ተግባራትን ንክሰርሑ ንምቅርራብን ንምሕጋዝን እዩ፡፡ ካብቲ ናይ ታሪኻዊ ዋዕላ ኣምስተርዳም ሓደ ዋና ዓላማ እዚ እዩ፡፡

እዚ ስለ ዝኾነ ድማ ብተግባር ቅድሚ ሕጂ ዘይተራኸቡን ዘይረዳድኡ ዝነበሩን ኮፍ ኣቢልና ንክዛራረቡን፣ ኢሂን ምሂን ክብሉን ፍልልዮም ከጽብቡን ደሞክራስያዊ መድረኽ ከፊትናሎም ኢና። ዝተበተኑ ንምጥርናፍ ውን ጊደና ተጻዊትና ኢና። እዚ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። እዚ ድማ ካብቲ ንሕና ንገብሮ ዝነበርናን ዘለናን ጸረ ፋሺስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ምንቅስቓሳትን ቃልስታትን ንላዕሊ እዩ።

## ብዛዕባ ናይ ምጥርናፍ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳትን ሓይልታት ወጻኢ ኪዳን ዝተገብረ ፍልማዊ ኣኼባ ዝተዋህበ ፍሉይ ሓበሬታን መኤረምታን

ብመሰረት ዋዕላ ኣምስተርዳም ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዋ ፖሎቲካዊያን ዉድባት ብዝጥዕመን ኣጋባብ ክጥርነፋን ኣንጻር ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዕቱብ ቃልስታት ከካይዳ ብዝገበርናዮ ለበዋ መሰረት ኣቦ ወንበር ሓድሽ ተስፋ ኔት ወርክን 4 ፖሎቲካዊያን ዉድባት ኣፈናዊ ርክባት ከምዘካየዳን ከምዝቃራረባን ገሊጽና ኢና። ነቲ ምቅርራባትን ርክባትን'ዉን በቶም ኣብኡ ዝነበሩ ወከልቲ ውድበታት ድልየትን ጸዋዒትን ከም ኣቦ መንበር ኮና እቲ ናይ ኣፈና ርክባት መሪሕናዮ ኢና። ስለዚ 5 ውድባትን ምንቅስቃሳትን ኔርና እንተተባህለ ጌጋ ኣይኮነን። ውጽኢቱ ውን ዘሔጉስ እዩ።

እዚ ናይ ምጥርናፍ ጽቡቕ ድሌት ንርእሱ ኣብ ፖለቲካ ሃገርና ዓብይን፣ ስልጡንን፣ ታሪኻውን እዩ ክብሃል ይከኣል። ናይ
ሕ
4 ን ንሕናን ከም ዝነበ ዘይካሓድ
እዩ። ንድሕሪ ሕጂውን ግዴታና ክንፍጽም ኢና። እዚ ድማ ናይ ብዙሕ ዓመታት ጸረ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝገበርናዮ ቃልስን ምንቅስቓስን ከይረሳዕና ንሰርሖ ዘለና ተወሳኺን ተደራራብን ስራሕት እዩ።

DSI: P.O. Box 16665, 1001 RD Amsterdam, The Netherlands, Tel. / Fax (+31) 20 – 69 59 190
Fortis Bank (Nederland) N.V. nr. 94.95.17.143 / Chamber of Commerce Amsterdam, Registration nr. 248.942

ንምጥርናፍ ዘለዎም ጽቡቕን ሰናይ ድልየትን ባህግን መሰረት ብምግባር

ከም ተሰማምዑ ውን ገሊጽና ኢና፡፡ እቲ ቀንዲ ስምዖም ግን ኣብ ናይ ቀጻሊ ኣኼባታቶምን ኣኼባታትናን ዝውሰን ጉዳይ ምዃኑ ክንሕብር ንፈቱ፡፡

ኣብዚ ጊዜ እዚ ዝሰርሕን ዘይሰርሕን፡ ሓቀኛ ተቓለስትን ናይ ፋሽስታዊ ስርዓት ደገፍትን ተነጺሮም ዝፍለጥሉን ዝቃልዕሉን ጊዜ በጺሕና ከምዘሎና ጥርጥር የብሉን፡፡

ሕብረትን ስምረትን ብሓባር ምቅላስን ኣማራጺ ዘይብሉ እዩ፡፡
እዚ ስለ ዝኾነ ኽኣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብቲ ናይ ኣምስተርዳም ታሪኻዊ ዋዕላ ተረኺቡ ናይ ሓድነትን፡ ጥርናፈን፣ መሪሕ ተራ ክጻወትን ኣብነት ብሙኻን ንድሕነት ሃገርን ሕዝብናን መንገዲ ክመርሕን እዩ ኔሩ ትጽቢትናን ባህግናን ዕላማናን፡፡

ነዚ ቅዱስ ናይ ሕዝብና ድልየትን፣ ባህግን፣ ዓላማን ስለ ዘይ ፈጸመን ካብቲ ዋዕላ ኣምስተርዳም ኣዲሙ ብምውዓሉ ክኣ ብልቢ ንሓዝን፡፡ እቲ ብኪዳን ዋዕላ ኣምስተርዳም ንዘይምምጻእ ብጽሑፍ ኮነ ብሓደ ሓደ ደገፍቶም ዝተዋህበና ዝተፋላለዩ ምኽንያታት ከምዘይተቐበልናዮ ነረጋግጽ፡፡ ዋዕላ ኣምስተርዳም ዕዉት ንከይከውን ዘሕለፍናዮ መሪር ቃልሲ ንሕና ጥራይ ኢና ንፈልጦ፡፡ ብዘይ ናቶም ሓገዝን ጽልዋን ዕ ዉት ዋዕላ ብምክያድና ድማ ሕዝባዊ ዓወት እዩ ክብሃል ይከኣል፡፡

ይኹን እምበር ሕጂውን ኪዳን ኮነ ሓደ ሓደ ኣብ ኪዳን ተወዲቦም ዘለዉ ኣባላት ብዝሓለፈ ጌጋኦም ተጣዒሶም ብሓዲሽ መንፈስ ነቲ ብሓዲሽ ተሰፋ ነትዎርክ ተበጊሱ ዘሎ ሕዝባዊ ድጋፍ ዘለዎ ቅዱስ ዓላማን፣ ጥርናፈን፡ ሓድነትን ውድባትን፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን ብሃገርን ሕዝብን ዝሓልዩን ዝግደሱን ዝሰርሑን ዘለዉ ዉልቀሰባትን ክድግፍዎን ከተባብዕዎን ብሕዝብና ስም ንጽውዖም፡፡

## ምስጋና

ነቶም ኣብቲ ዋዕላ ኣምስተርዳም ብቕንዕና ዝተሳተፉን ነቲ ዋዕላ ኣምስተርዳም ምእንቲ ረብሓን ጥቕምን ሕዝብና ክብሉ ዕዉት ንክኸውን

Development
Services International

ዝሓገዙን ዝተሓባበሩን ዝተፈላለዩ ወልቀሰባትን ኣባላት ኪዳንን ግን ኣድናቖትና ንገልጽ፡፡ ሓገዝናን ድጋፍናን ምትሕብባርናን እምነትናን ከምዘይፍለዮም ውን ቃል ንኣትወሎም፡፡

<u>መተሓሳሰቢ</u>

ሓቢርካን ሓደ ኮንካን ተኣማሚንካን ምቅላስ ዝመስልዎ ነገር የለን፡፡ ሓዲሽ ተስፋ ሓደ ካብተን ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዋ ምንቅስቓሳትን ውድበታትን ብምኻኑ ምእንቲ ሕዝብና ጠቕምን ረብሓን ብስራሕን ብዝርእዮን ዘእምንን ዘድሞዕን ተግባራት ብቕንዕና ክቃለሱ ዝደልዩን ዝቃለሱን ዘለዉ ሓይልታት ኮነ ውድበታትን፡ ምንቅስቓሳትን ተሓባቢሩ ንሕዝባዊ ድሕነት ንክሰርሕን ክቃለስን ምዃኑ ንሕዝብን ፈተውትን ክሕብርን ከረጋግጽን ይፈቱ፡፡

ይኹን እምበር እቲ ዋና ዘገድሰና <u>ስራሕን ተግባርን</u> ስለ ዝኾነ እቶም ዝተጠርነፉን ዘይተጠርነፉን ናይ ሕዝብና ኣካላትን ውልቀሰባትን ምስ ሓዲሽ ተስፋ ተግባራዊ ስራሓት ብቕንዕና ክሰርሑን፣ ክተሓባበሩን ድልየት ዘለዎም ንክራኸቡናን ምሳና ኢሂን ምሂን ክብሉን ክማኻኸሩን ብትሕትና ንዕድም፡፡

<u>እዚ ማለት ግን ነቲ ሓድሽ ተስፋ ኣቐዲሙ ዝተበገሰሉ ማእከላይን ዘይጸግዓውን ብሙኻን ን ዝተጠርነፉን ዘይተጠርነፉን ተቓወምቲ ሓይልታትን፡ ውድበታትን፣ ናይ ሕዝብና ኣካላትን፡ ደቀንስትዮን፣ ስደተኛታትን፣ መንእሰያትን ሲቪካዊ ማሕበራትን፡ ካልኦት ናይ ሕዝብና ኣካላትን ግዱሳት ውልቀሰባትን ዝጀመሮ ናይ ኩሉ ምትሕብባርን ምትእኽኻብን፡ ከምዘይልውጦን ዘይጸልዎን ምዃኑን በቲ ዝጀመርናዮ ቅዱስ ዓ ላማን ተግባርን ዝቕጽል ምዃኑን ነረጋግጽ፡፡ እዚ ድማ ብተግባር ክርኤ ንሕዝብና ንማባጻዕ ኣለና፡፡</u>

ዶክተር ፍሥሓጽየን መንግሥቱ
ኣምስተርዳም

**ሰኔ 18, 2006**